## ዘፍጥረት 12

1 እግዚኣብሄር ድማ ንኣብራም በሎ፤ ካብ ምድርኻን ካብ ኣዝማድካን ካብ እንዳ ኣቦኻን ኣነ ናብ
ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ።
2 ንዓብዪ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን ከኣ እየ፡ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፡ ንበረኸት ድማ ክትከውን
ኢኻ።
3 ንዚባርኹኻ ክባርኾም፡ ንዚረግመካ ድማ ክረግሞ እየ። ዓሌታት ኵላ ምድሪ ድማ ብኣኻ ኪባረኹ
እዮም።

## ገላትያ 3

23 እምነት ከይመጸት፡ ንሕና ነታ ኽትገሃድ ዘለዋ እምነት እናተጸቤና፡ ተዓጺና ኣብ ትሕቲ ሕጊ
ተሓሊና ነበርና።
24 ስለዚ ኸኣ ብእምነት ምእንቲ ኽንጸድቕሲ፡ ናብ ክርስቶስ ኬብጽሓና እቲ ሕጊ ቆጻዒና ኾነ።
25 እምነት ምስ መጸት ግና፡ ደጊም ትሕቲ ቆጻዒ ኣይኰንናን።
26-27 ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ እሞ፡ ብእምነት ብየሱስ
ክርስቶስ ኵላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም።
28 ኵላትኩም ብክርስቶስ የሱስ ሓደ ኢኹም እሞ፡ በዚ ኣይሁዳዊ ወይስ ጽርኣዊ የልቦን፡ በዚ ባርያ
ወይስ ጨዋ የልቦን፡ በዚ ተባዕታይ ወይስ ኣንስተይቲ የልቦን።
29 ናይ ክርስቶስ ካብ ኰንኩም፡ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም፡ ከምቲ ተስፋውን ወረስቲ
ኢኹም።

## ሉቃስ 2

21 ኪገዝርዎ ሸሞንተ መዓልቲ ምስ መልአ ድማ፡ ከምቲ መልእኽ ኣብ ከርሲ ኸይተሃንጸ ኸሎ
ዝሰመዮ፡ ስሙ የሱስ ኢሎም ሰመይዎ።